# ንህጻን ውላድኩምናይ ምስማዕ ክእለቱ ንኽምርመር ዕድል ንህበኩም ኣለና

## ስለምንታይ?

ናዚ መርመራ እዚ ዕላማ፡ ናይቲ ህዛን ናይ ምስማዕ ዘገም ከይህልዎ ብሻብኡ ፈሊጥካ ክንክንን ደገፍን ንምሃብ እዩ። ብኸምጺ ኣጋባብ ጽቡቅ ናይ ቋንቋ ምዕባለ ንኽህልዎ ምሕጋዝ እዩ።
ቀደም ንነኣይሸቱ ህጻናት መርመራ እዝኒ ንኽትገብር ቀሊል ኣይነበረን። መብዛሕትኡ ጊዜ ሓደ ህጻን ናይ ምስማዕ ጸገም ከምዘለዎ ንምፍላጥ ቀሊል ኣይኮነን።

## መርመራ እዝኒ መዓስን ኣበይን ይግበር?

እቲ ህጻን ምስ ተወልደ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት መርመራ ክግበር ይከኣል እዩ። እቲ ህጻን ሽዑ ምስ ተወልደ መርመራ እዝኒ እንተዘይረኸበ ግን ድሕሪ ሕርሲ ካልኣይ ጊዜ ኣብ ሓኪም ህጻናት ምስ ተመልሰ ወይ ድማ ኣብ ክሊኒክ ሕክምና እዝኒ ሁዲንገ ወይ ሶልና መርመራ ክግበረሉ ይክኣል።

## እቲ መርመራ ከመይ ይመስል?

ናይቲ መርመራ ኣሰራርሓ ኦቶ ኣኮስቲስካ ኣሚስዩነር- OAE ይበሃል።
መክረፎንን መስድድ-ድምጽን ዘሎዎ መመርመሪ ኣብ እዝኒ ይስኳዕ እሞ እቲ ብዓቀን ዝስደድ ድምጺ ነቲ ኣብት ከባቢ ውሽጢ እዝኒ ዝርከብ ዋህዮ-ጨጕሪ የንቀሳቅሶ። እዚ ምንቅስቃስ እዚ ናብ ቀጢን ድምጺ ይቅየር እሞ በቲ መክረፎን ይምዝገብ።
እቲ መርመራ ጽቡቕ ውጽኢት ምስ ዘርዩ፡ ናይ ምዝራብን ምስማዕን ጸገም ከምዘየለ ይረጋግጽ።
እዚ መርመራ እዚ ኣየሕምምን ጊዜ ውን ኣይወስድን።

## ውጽኢት ናይቲ መርመራ ከምቲ ዝድለ ምስ ዘይከውን?

ኣብ ውሑዳት ቍልዑ ውጽኢት መርመራ ከምቲ ዝድለ ኣይከውንን፡ ይኹን እምበር መብዛሕትኡ ጊዜ እዞም ህጻናት ናይ ምስማዕ ጸገም የብሎምን። ማይ-ማህጸን ወይ ድማ ስብሒ-ማህጸን ኣብ እዝኒ ህጻን ክተርፍ ስለዝኽእል ኣብቲ ዝግበር መርመራ ጽብቕ ውጽኢት ኣየርእይን እዩ። እቲ እተገብረ መርመራ ውጽኢት እንተ ዘየርኣየ ከም ብሓዲሽ ይድገም። ካብ 1000 ህጻናት 1 ወይ 2 ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም ክርከቡ ይኽእሉ። እዞም ጸገም ዝተረኽበሎም ህጻናት ኣብ ናይ እዝኒ ክሊኒክ ምክትታል ይግበርሎም።

**ኣስተውዕል!** ጸገማት ምስማዕ እቶም ቈልዑ ምስ ዓበዩ እውን ክመጽእ ይኽእል እዩ። ብፍላይ ከኣ ድሕሪ ሕማም እዝኒ ምጽማም ከስዕብ ስለዝኽእል ናይቶም ህጻናት/ቈልዑ ኣዘራርባን ምስማዕን ብተገዳስነት ክትከታተልዎም ይግባእ።

## ሕቶ ኣሎኩም ዶ?

ዝያዳ ሓበሬታ ምስ እትደልዩ www.karolinska.se ኣቲኹም

ኣብ ክሊኒክ ሕክምና እዝኒ ክትርእዩ ትኽእሉ።



Tigrinska

KAROLINSKA
Universitetssjukhuset

መርመራ እዝኒ ንሓደስቲ
ዝተወልዱ ህጻናት ኣብዚ
ዝስዕቡ ቦታታት ሕክምና
ይግበር

መዋልዳን ህጻናት (BB)
ስቶክሆልም
ቤት ሕክምና ዳንድሪድስ
ቤት ሕክምና ዩኒቨርስቲ
ካሮሊንስካ ሁዲንገን
ሶልናን
ቤት ሕክምና ሶደር
ቤት ሕክምና ሶደርተልየ
መዋልዳን ህጻናት (BB)
ሶድራ

POSTADRESS
171 76 STOCKHOLM

KAROLINSKA UNIVERSITETSSJUKHUSET, HUDDINGE
BESÖKSADRESS HÄLSOVÄGEN, FLEMINGSBERG
TELEFON VX 08-585 800 00

KAROLINSKA UNIVERSITETSSJUKHUSET, SOLNA
BESÖKSADRESS KAROLINSKA VÄGEN, SOLNA
TELEFON VX 08-517 700 00



# መርመራ እዝኒ ንሓደስቲ ዝተወልዱ ህጻናት